ሓበሬታዊ መግለጺ ብዛዕባ ክታበት

# ክታበት ወይቦ ኤ

## ብዛዕባ`ዚ እንታይ ክትፈልጥ ትደሊ

Many Vaccine information Statements are available in Spanish and other languages. See www.immunize.org/vis

Hojas de información sobre vacunas están disponibles en español y en muchos otros idiomas. Visite www.immunize.org/vis

## 1 ስለምንታይ ክታበት ይኽተብ?

ወይቦ ኤ ሓደገኛ ሕማም ናይ ጸላም ከብዲ እዩ። ቫይረስ ወይቦ ኤ (HAV) ብዝተባህለ ቫይረስ ድማ ይስዕብ። ቫይረስ ወይቦ ኤ፡ ብቐልቀል ኣቢሉ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይመሓላለፍ። ሓደ ሰብ ኣእዳዉ ብግቡእ እንተ ዘይተሓጺቡ ድማ በቲ ቫይረስ ብቐሊሉ ይልከፍ። ብቫይረስ ወይቦ ኤ ዝተበከለ መግቢ፡ ማይ ወይ ካልእ መሳርሒታት ኣቢሉ`ውን ወይቦ ኤ ክሓልፈካ ይኽእል እዩ።

ምልክታት ናይ ወይቦ ኤ ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል:

- ረስኒ፡ ቅርጥማት፡ ምንካይ ሸውሃት ናይ መግቢ፡ ዕግርግር ናይ ከስዐ፡ ተምላስ፡ ከምኡ ድማ ቃንዛ ኣብ መላግቦታት ኣዕጽምቲ
- ከቢድ ናይ ከስዐ ቃንዛን ውጽኣትን (ብፍላይ ኣብ ህጻናት)፡ ወይ ድማ
- ውየባ (ብጫ ሕብሪ ቆርበት ወይ ዓይኒ፡ ደባን ሕብሪ ሽንቲ፡ ሓመዳዊ ዝሕብሩ ቀልቀል)።

እዞም ምልክታት`ዚኣቶም ኩሉ ግዜ ድሕሪ መልከፍቲ ካብ 2 ክሳብ 6 ሰሙን ደንጉዮም ይረኣዩ። ወላ`ኳ ናይ ገለ ሰባት ሕማም ክሳብ 6 ወርሒ ክጸንሕ ዝኽእል እንተኾነ፡ እዞም ምልክታት ግን ኩሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ 2 ወርሒ ይጠፍኡ። ብሕማም ወይቦ ኤ እንተደኣ ተጠቒዕካ ኣለኻ፡ ኣዝዩ ክጽላኣካን ካብ ስራህ ከብኩረካን እዩ።

ህጻናት ዝበዝሕ ግዜ ምልክታት ኣየርእዩን እዮም፡ እንተኾነ፡ ዝበዝሑ እኹላት ሰባት ምልክታት የርእዩ እዮም። ምልክታት ዘይብልካ ከለኻ ንቫይረስ ወይቦ ኤ ናብ ሰባት ከተመሓላልፎ ትኽእሎ ኢሎ።

ወይቦ ኤ ንጸላም ከብዲ ካብ ስራሕ ወጻኢ ክገብራን ብኡ ኣቢሉ ሞት ከስዕብን ይኽእል እዩ - ወላ ሳሕቲ ዘጋጥምን ዝያዳ ኣብ ደቂ 50 ዓመትን ልዕሊኡን፡ ኣብ ከም ወይቦ ቢ ን ወይቦ ሲ ን ዝኣመሰለ ናይ ጸላም ከብዲ ሕማማትን ዘለዎም ሰባት ዝርአ እንተኾነ።

**ክታበት ወይቦ ኤ ካብ መልከፍቲ ወይቦ ኤ ክከላኸል ይኽእል።**
ክታበት ወይቦ ኤ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ካብ 1996 ኣትሒዙ`ዩ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ጀሚሩ። ካብ ሽዑ ኣትሒዙ ድማ፡ ተርእዮ ናይ`ቲ ቫይረስ ኣብ ኣመሪካ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናንቆልቆለ ብምምጻእ፡ ካብ ከባቢ 31,000 ተርእዮታት ናብ ትሕቲ 1,500 ተርእዮታት ወሪዱ ይርከብ።

## 2 ክታበት ናይ ወይቦ ኤ

ክታበት ናይ ወይቦ ኤ፡ ብዘይሰርሕ (ዝሞተ) ቫይረስ ዝዳሎ ክታበት እዩ። ካብ መልከፍቲ ቫይረስ ንነዊሕ እዋን ናጻ ንኽትከዉን፡ **2 ዶዝ** ክታበት ክትወስድ የድልየካ። እቲ ቀዳማይ ዶዝ ምስተወስደ፡ እቲ ካልኣይ ዶዝ ብውሕዱ ድሕሪ 6 ወርሂ ክውሰድ ኣለዎ።

ህጻናት ኩሉ ግዜ ኣብ መንጎ ቀዳማይን ካልኣይን ዕለተ-ልደቶም ኣብ ዘሎ ግዜ ክኽተቡ ኣለዎም (ዕድመኦም ካብ 12 ወርሒ ክሳብ 23 ወርሒ ዝበጽሕ). ዝጎበዙ ህጻናትን በጽሒታትን፡ ድሕሪ 23 ወርሒ ነቲ ክታበት ክወስዱዎ ኣለዎም። ኣቐዲሞም ዘይተኸትቡ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሑ ሰባት፡ ካብ መልከፍቲ ወይቦ ኤ ናጻ ክኾኑ እንተደልዮም ክኽተቡ ይኽእሉ እዮም።

ክታበት ወይቦ ኤ ክትወስድ ኣለካ - እንተደኣ:

- ሕማም ወይቦ ኤ ገኒኑ ናብ ዝርኣየለን ሃገራት ትገይሽ ኣለኻ፡
- ምስ ካልኦት ሰብኡት ጾታዊ ርክብ ትፍጽም ኮይንካ፡
- ዘይሕጋዊ መድሃኒት/ሓሽሽ ትጥቀም ኮይንካ፡
- ከም ወይቦ ቢ፡ ወይቦ ሲ ዝኣመሰለ ሕዱር ናይ ጸላም ከብዲ ሕማም ሃልዩካ ኮይኑ፡
- ንደምካ ዘሕፍስ/ዘርግእ መድሃኒት ትወስድ ሃሊኻ፡
- ብወይቦ ኤ ምስ ዝተለኽፉ እንስሳታት ወይ ኣብ ቤተ-ፈተነ/ላባራቶሪ ትሰርሕ ሃሊኻ፡ ወይ ድማ
- ክረዓም ኢሉ ካብ ሕማም ወይቦ ኤ ዝገነነለን ሃገራት ምስ ዝመጸ ቆልዓ ጥቡቕ ውልቃዊ ርክብ ክህልወካ መደብ እንተ ሃሊካ

ብዛዕባ`ዚ ዝተጠቕሰ ኣርባዕተ ነጥቢታት ተወሳኺ ሓበሬታ ምስእትደሊ፡ ነቲ ናይ ኣገልግሎት ሕክምና ዝህበካ ትካል ወይ ሓኪም ተወከሶ።

ክታበት ናይ ወይቦ ኤ ምስቶም ካልኦት ክታበታት ኣብ ሓድ ግዜ እንተ ተወስደ፡ ዘስዕቦ ዝኾነ ፍሉጥ ጎድናዊ ሳዕቤን የብሉን።

## 3 ገለ ሰባት ነዚ ክታበት ክወስዱዎ የብሎምን

ነቲ ክታበት ዝህበካ ሰብ ተወከሶ:

- **እንተደኣ ዝኾነ ሓደገኛ ጥዕናዊ ጸገማት፡ንህይወትካ ኣብ ሓደጋ ከእቱ ዝኽእል ቁጥዐ ኣካላት ኣለካ።**
  ናይ ወይቦ ኤ ክታበት ብዶዝ ምስ ወሰድካ ንህይወትካ ዝፈታተን ቁጥዐ ኣካላት ኣጋጢሙካ ዝፈልጥ ኮይኑ፡ ወይ`ውን ምስዚ ክታበት ብዝተኣሳሰር ምኽንያ ከቢድ ቁጥዐ ኣካላት ኣጋጢሙካ እንተነይሩ፡ ክታበት ንኸይትወስድ ማዕዳ ክቐርበልካ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ትሕዝቶታት ክታበት ዝምልከት ሓበሬታ እንተደሊኻ፡ ነቲ ኣገልግሎት ሕክምና ዝህበካ ተወከሶ።
- **እንተ ደኣ ጽቡቕ ይሰመዓካ ዘይሃልዩ።**
  ከም ሰዓል ዝኣመሰለ ከቢድ ዘይኮነ ሕማም እንተደ ሓሚምካ ኣለኻ፡ ነቲ ክታበት ሎሚ መዓልቲ ክትጅምሮ ተኽእሎ ክህልወካ ይኽእል`ዩ። እንተደኣ ብመጠናዊ ወይ ብኸቢድ ሓሚምካ ኣለኻ ኮይንካ፡ ክሳብ ሓዊኻ ጥዕናኻ ናብ ንቡር ዝምለስ ክታበት ከይወሰድካ ክትጸንሕ ኣለካ። ሓኪምካ/ዶክተርካ ሞያዊ ምኽሪ ክልግሰልካ ይኽእል እዩ።

## 4 ሓደጋታት ጎድናዊ ሳዕቤን ናይ ክታበት

ዝኾነ ዓይነት መድሃኒት፡ እንተላይ ክታበታት፡ ጎድናዊ ሳዕቤናት ናይ ምኽታል ተኽእሎ ኣለዎም። እቶም ጎድናዊ ሳዕቤናት ኩሉ ግዜ መጠናዊን ግዜኦም ሓልዮም ባዕሎም ዝጠፍኡን`ኳ እንተኾኑ፡ ገሊኦም ግን ኣዝዮም ሓደገኛታት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

መብዛሕትኦም ክታበት ናይ ወይቦ ኤ ዝወስዱ ሰባት፡ ዝኾነ ጥዕናዊ ጸገማት ኣየኽትለሎምን እዩ።

U.S. Department of Health and Human Services
Centers for Disease Control and Prevention

**ክታበት ናይ ወይቦ ኤ ምስ ወሰድካ ዝኽሰቱ** ሓደ ሓደ ጸገማት ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልሉ:

- ኣብቲ መርፍእ ክታበት ዝተወጋእካሉ ክፋል ኣካላትካ ቃንዛ ይስማዓካ ወይ እቲ ቆርበት ይቕይሕ
- ትሑት መጠን ረስኒ ይስመዓካ
- ቃንዛ ርእሲ/መርዘን ይስመዓካ
- ሓይልኻ ድኽም/ስልቹው ይብለካ

እዞም ጸገማት`ዚኣቶም ኩሉ ግዜ መርፍእ ክታበት ምስ ተወጋእካ`ዮም ቀልጢፎም ክኽሰቱ ዝጅምሩ። ን 1 ወይ 2 መዓልቲ ድማ ይጸንሑ።

ብዛዕባ`ዞም ጸገማት`ዚኣቶም ሓኪምካ ብዙሕ ሓበሬታ ክነግረካ ይኽእል እዩ።

**ድሕሪ ክታበት ወይቦ ኤ ምውሳድካ ክኽሰቱ ዝኽእሉ ካልኦት ጸገማት:**

- ሓደ ሓደ ግዜ ሰባት ሕክምናዊ ፍወሳ ድሕሪ ምግባሮም ወላ`ውን ክታበት ምስ ወሰዱ ፌንቲ ይኾኑ እዮም። ንኣስታት 15 ደቓይቕ ኮፍ ምባል ወይ ምድቃስ፡ ፌንቲ ካብ ምኧን ክከላኸለልካ ይኽእል። ከምኡ`ውን ናብ መሬት ብምውዳቕ ክስዕብ ካብ ዝኽእል መጉዳእቲ ከድሕነካ ይኽእል። ርእስካ ዘንጸራርወካ እንተኾይኑ፡ ናይ ምርኣይ ዓቕምኻ ዝቀያየር እንተኾይኑ፡ ወይ ድማ ኣእዛንካ ቃጨል ዝጥዕም ድምጺ ዘስምዓካ እንተኾይኑ፡ ነቲ ክታበት ዝሀበካ ዘሎ ሓብሮ።
- ገለ ሰባት መርፍእ ክታበት ምስተወግኡ፡ ካብቲ ዘስዕበሎም ሓው ሓው ዘብል ልሙድ ቃንዛ ንላዕሊ ነዊሕ ዝጸንሕ ቃንዛ ኣብ መንኮቦም የስዕበሎም። እዚ ግን ኣዝዩ ሳሕቲ`ዩ ዘጋጥም።
- ዝኾነ ሕክምናዊ ፍወሳ፡ ከቢድ ቁጥዐ ኣካላት ከስዕብ ይኽእል እዩ። ገለ ጎድናዊ ሳዕቤናት ሳሕቲ`ዮም ብክታበት ዝስዕቡ። ብገምጋም ካብ ሓደ ሚልዮን ዶዝ 1 ዶዝ ጥራይ`ያ ጸገማት ከተስዕብ ትኽእል። እቲ ጸገማት፡ ክታበት ምስተወስደ ኣብ ውሽጢ ሒደት ደቓይቕ ወይ ሒደት ሰዓታት ይኽሰት።

ከም ዝኾነ መድሃኒት፡ እቲ ክታበት ንህይወት ዝፈታተን ጉድኣት ወይ ሞት ከስዕብ ዘለዎ ተኽእሎ ብዘይ መጠን ትሑት እዩ።

ክታበታት ውሕስነቶም ክረጋገጽ ስለዘለዎ፡ ኩሉ ግዜ'ዩ መርመራ ዝካየደሎም። ንተወሳኺ ሓበሬታ፡ ኣብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከስ: **www.cdc.gov/vaccinesafety/**

## 5 ሓደገኛ ጸገም እተኣስዒቡ እንታይ ክግበር ኣለዎ?

**ከስተባህለሉ ዘለኒ እንታይ ኣሎ?**

- ንዘሻቕለካ ዝኾነ ነገር ከተስተውዕለሉ ኣለካ። ንኣብነት ምልክታት ናይ ከቢድ ቁጥዐ ኣካላት፡ ልዑል መጠን ረስኒ፡ ወይ ድማ ዘይልሙድ ጠባይ/ባህርይ ገለ ካብኡ እዩ።

  ምልክታት ናይ **ከቢድ ቁጥዐ ኣካላት** ንዕንፍርርን ሰሓን ቆርበት፡ ሕበት ገጽን ጎረሮን፡ ናይ ምስትንፋስ ጸገም፡ ዘይንቡር/ቅልጡፍ ህርመት ልቢ፡ ምንጽርራው ናይ ርእሲ፡ ከምኡ ድማ ንድኻም ኣካላት የጠቓልል። እዞም ጸገማት`ዚኣቶም፡ ድሕሪ ክታበት ካብ ሒደት ደቓይቕ ክሳብ ሒደት ሰዓታት ደንጉዮም ይኽሰቱ።

**እንታይ`የ ክገብር ዘለኒ?**

- እንተደኣ ጸገምካ **ከቢድ ቁጠዐ ናይ ኣካላት ኮይኑ** ወይ ህጹጽ ሕክምናዊ ረዲኤት ዘድልዮ ምኧኑ ኣሚንካ፡ ሓገዝ ንምርካብ ናብ 9-1-1 ደውል ወይ ድማ ኣብ ቀረባ ናብ ዝርከብ ሆስፒታል ኪድ። በዚ እንተዘይ ሰሊጡካ ግን፡ ናብቲ ብቐረባ ትሕከመሉ ክሊኒክ ደውል።

  ብድሕሪ`ዚ፡ ብዛዕባ`ቲ ዘጋጠመካ ጥዕናዊ ጸገማት ነቲ ንጎድናዊ ሳዕቤናት ክታበት ዝምልከት ሓበሬታ ኣብ ምእካብ ዝነጥፍ `ቫክሲን ኣድቨርስ ኢቨንት ሪፖርቲንግ ሲስተም` (VAERS) ዝተባህለ ትካል ሓብር። ሓኪምካ ነዚ ሓበሬታ ክልእኮ ኣለዎ ወይ ድማ በዓልካ ብመገዲ`ዚ ዝስዕብ ናይ ቪ.ኤ.ኢ.ኣር.ኤስ ኣድራሻ መርበብ ሓበሬታ ኣቢልካ ክትልእኮ ትኽእል። **www.vaers.hhs.gov**፡ ወይ ድማ በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ **1-800-822-7967**ደውል።

ቪ.ኤ.ኢ.ኣር.ኤስ ሕክምናዊ ማዕዳ ኣይህብን እዩ።

## 6 ሃገራዊ ፕሮግራም ካሕሳ መጉዳእቲ ክታበት

ሃገራዊ ፕሮግራም ካሕሳ መጉዳእቲ ክታበት(VICP)፡ ብሰንኪ ክታበታት ጥዕናዊ መጉዳእቲ ወሪዱዎም ክኽዕኑ ንዝኽእሉ ሰባት ካሕሳ ክህብ ኢሉ ዝቖመ ፈደራላዊ ፕሮግራም እዩ።

ክታበት ጉድኣት ኣስዒብሎም ክኸዉን ከምዝኽእል ዝኣምኑ ሰባት፡ ብዛዕባ`ዚ ፕሮግራምን ብዛዕባ ከመይ ኣቢልካ ናይ ካሕሳ ቅጥዒ ትመልእን ዝምልከት ትምህርቲ/ሓበሬታ ንምርካብ፡በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ **1-800-338-2382** ክድውሉ ይኽእሉ ወይ ድማ፡ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ቪ.ኣይ.ሲ.ፒ ክውከሱ ይኽእሉ **www.hrsa.gov/vaccinecompensation**። ካሕሳ ንምርካብ ዝቐርብ ናይ ጥርዓን ፋይል ደረት ግዜ ኣለዎ።

## 7 ተወሳኺ ትምህርቲ/ሓበሬታ ብኸመይ ክረክብ ይኽእል?

- ነቲ ኣገልግሎት ሕክምና ዝቕርበልካ ተወከሶ። ንሱ/ንሳ ነቲ ኣብ መትሓዚ ክታበት ዝርከብ ሓበሬታ ዝሓዘ ወረቐት ክ(ት)ህበካ ወይ ብዛዕባ ካልኦት ምንጨታት ሓበሬታ ክሕብረካ እዩ።
- ኣብ ከባቢኻ ንዝርከብ ወይ ንክፍሊ ጥዕና ናይ ክፍለ-ሃገር ደዊልካ ተወከስ።
- ንማእከላት ቁጽጽርን ምክልኻልን ሕማማት (CDC) ተወከሰን:
  - በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ደውል **1-800-232-4636** (**1-800-CDC-INFO**) ወይ ድማ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ኣቲኻ ተወከስ**www.cdc.gov/vaccines**

Vaccine Information Statement
Hepatitis A Vaccine - Tigrinya

7/20/2016

42 U.S.C. § 300aa-26

Office Use Only

Translation provided by Minnesota Department of Health